# ናይ ደገፍ መልእኽቲ
## ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ቍጽሪ 1፡-




ኣሕዋት ተጋደልቲ/ ኣባላት ኣሰናዳኢት
ሽማግለ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ
ኣሕዋት ኣባላት ጉባኤ
ዕዱማት ኣጋይሽ፡-

ኣብ'ዚ ሃገርና እተሓልፎ ዘላ ጽንኩር ኵነታት፡ ተጋደልቲ ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ዘሐጉስ ኣገዳሲ ምዕራፍ ናይ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ብዓወት ምብጽሓም ዝተሰምዓኒ ሓጐስ ክገልጽን ናይ ዮሃና መልእኽተይ ከመሓላልፍን እፈቱ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምምካት ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልስታት፡ ናብ ግብራውን ውዱብን ደረጃ ክብ ዘብል፡ ዕቱብ ሃገራዊ ሰልፊ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ተጋድሎና ዝኾነ ጉባኤኹም ኣኽሊል ብምድፋኡ፡ ብስም መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ብስም መሪሕነትን መሰረታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ እንቋዕ ሓጐሰኩም ክብል እፈቱ። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቲ ብኣካል ካባና እተፈልየ ብመንፈስ ግን ምሳና ዘሎ፡ ናይ ቃልሲ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ክሳዕ ዕላማታት ህዝብና ኣብ ሽቶኡ ዝበጽሕ ዘይሃስስ፡ ኣብ ኣእሙሮ መቓልስቱ ዝገደፎ ናይ ገድልን ተወፋይነትን መንፈስ፡ መጐሰይ ክገልጽ ኣፍቅዱለይ።

ክቡራት ኣሕዋት፡

ጉባኤኹም፡ ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ዞና ኣብ ሕድሕዱ ዝጻላሎ ተረኽቦታትን ምዕባለታትን ኣብ ዝግሃደሉ፤ እቲ ብሓይልታትን ውድባትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝግለጽ መስርሕ ሃገራዊ ተጋድሎና፡ ብኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ መድረኽ ኣብ ዝሓልፈሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ስለ'ዚ፡ ካብ'ዚ ኣብ እንግድዓ ህዝብና ተጻዒኑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘናግፈና ዕላማታት ንምዕዋት፡ ንኵሉ እንውንኖ ዓቕምታት ብሓባር ክነዋፍርን ጽዓታትና ክነኻዕብትን ይግባእ።

ክቡራት ኣሕዋት፡

ኵሉ ሃገራዊ ሓይልታት፡ ኪዳን ኰነ ውድባቱ፥ ከምኡ ውን፡ ኵሎም ኤርትራውያን በርገሳውያን ክልታት፡ ግዜኦምን ጽዓታቶምን ኣብ ሃገራዊ ዕላማታት ክጸምዱን፤ ፖለቲካውን በርገሳውን ንጥፈታቶም ክብ ብምባል፡ ንሃገራዊ ድሕነት ክሰርሑን፤ ህዝብና ዝጽበዮ፡ ንኹሉ ዘሳትፍ ናጻ ሃገርን ዲሞክራሲ ዝሰፈኖ ብሩህ መጻኢን ክውን ንምግባርን ክሰርሑን ይጥለቡ ኣለዉ።

ኣብ መደምደምታ፡ ጉባኤኹም፡ ንጉዕዞ ሃገራዊ ተጋድሎ ዘሐይል፡ ንስቅያት ህዝብና ዘሕጽር ውሳኔታትን ለበዋታትን ከሕልፍን፤ ስኒት ዝሰፈኖን ዕዉትን ጉባኤ ክኸውንልኩምን እምነ።

ሑሴን ኸሊፋ
ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን
ኣቦ መንበር ተሓኤን

23.07.2006